Barnmorskemottagningar

Patientinformation: Överburenhet översatt till Tigrinja

Datum: 2025-02-06

# ሓበሬታ ብዛዕባ ምድንጓይ ሕርሲ

ሓደ ሙሉእ ጉዕዞ ጥንሲ ማለት ናይ ጊዜ ንውሓቱ ካብ 37–42 ሳምንታት ክኸውን እኽእል። ሎሚ ዘሎና መረዳእታ ጥንሲ ካብቲ ዝግባእ ጊዜ ምስ ዝነውሕ ኣብ ዕሸል ገለ ጉድኣታት ክኸትል ከምዝኽእል ኢዩ። እዚ ድማ መዳሕንቲ ነቲ ዕሸል ዝምግቦ መዓዛዊ መግብታት እናቀነሰ ክኸይድ ይጅምር ማለት ኢዩ። እቲ ባዕሉ ጊዚኡ ሓላዩ ዝመጽእ ሕርሲ ካብ መጥባሕታዊ ሕርስን፡ ሕርሲ ብምጽየትን ከድሕን ይኽእል። እዚ ካብቲ ዝደንጎየን ሃንበታውን ሕርሲ ክስዕብ ዝኽእል ጸገማት ኢዩ። ሰለዚ ክንመኽሮ እንደሊ ጥንሲ ኣብ ሰሙን 42+0 ምስበጽሐ ሕርሲ ከምዝጅመር ምግባር ኢዩ።

ሓደ ካብቲ ጸገም ባዕልኻ ሕርሲ ከምዝጅምር ምግባር: ክሳድ ማህጸን ምስ መናድቕ ማሕጸን ሰለዝሰጥም ንሕርሲ ድሉው ኮይኑ ሰለዘይጸንሕ ከሽግር እኽእል። ሰለዚ ክሳድ ማህጸን ቅድሚ ቅልውላው ሕርሲ ምጅማሩ ንሕርሲ ንኽበቅዕ ዘደልዮ ክንክን ምድላዋትን የድልዮ። ነዚ ንምግባር ብውሑዱ 1–2 መዓልታት ይድሊ፡ እዚ ሕክምና ድማ ኣብ BB Skövde ይዋሃብ።

ሕርሲ ከም ከምዝጅመር ንምግባር ብዙሕ ዝተፈላለዩ ኣገባባት ኣለው፡ እዚ ድማ ከምቲ ደረጃ ብቕዓት ናይቲ ክሳድ-ማህጸን ዝረአ ይኸውን፡

1. እቲ ክሳድ-ማህጸን ኣዝዩ ዘይበቕዐ እንተድኣ ኮይኑ prostaglandin ዝስሙ ከኒና ብምሃብ ክጅመር ይካኣል።
እዚ ሕክምና ኣብ ከክልተ ወይ ኣርባዕተ ሰዓታት እንተበዝሐ ክሳብ ሸሞንተ ጊዜ ክደጋገም ይክእል። ኣብዚ ናይ ሕክምና ጊዜ ቅልውላው ሕርሲ ክጅምር ይኽእል ኢዩ። እዚ እንተድኣ ዘይኮይኑ ናብ 2፡ይ ደረጃ ምስጋር ኢዩ።

2. ክሳድ-ማህጸን ኣብዘይበቕዓሉ እዋን፡ ballongkateter ዝባሃል (ፍሕኛ ዘለዎ ዘንጊ) መሳርሒ ናብ ማህጸን ብምእታው ኣብ ሞንጎ ርእሲ ዕሸልን ክሳድ-ማህጸን የቐምጥዎ፡ ዕላምኡ ድማ ንክሳድ-ማህጸን ክልስልስን ከምዝገፍሕን ንምግባር ኢዩ። እዚ ዝኣተወ ፍሕኛ መሳሊ ሸትተ እናበለ ክወጽእ እንከሎ ዕሸል ዝሽፈኖ መርበብ ይነኩል’እሞ ማይ ይፈስስ። ድሕሪ’ዚ ቅልውላው ሕርሲ ክፈጥር ዝኽእል ጠብታ ይዋሃብ።

ንሕርሲ ዝበቐዐ ወይ ድሉው ዝኾነ ክሳድ-ማህጸን ባዕሉ ገለ ሰንቲሜተር ይኸፈት እሞ ማይ ወይ ማንታ-ርእሲ ይፈስስ፡ ድሕሪ'ዚ ቅልውላው ሕርሲ ክፈጥር ዝኽእል ጠብታ ይዋሃብ።

እቲ ቅልውላው ሕርሲ ክፈጥር ዝኽእል ጠብታ ምስተዋሃበ ከምቲ ልሙድ ንቡር ሕርሲ ይጅመር።

ናይ ሕርሲ ጊዜኺ ክቃረብ ከሎ ግን ካአ ዝናዋሕ እንተመሲሉ ኣዋላዲት ነርሲ ምሳኺ ጊዜ ብምሓዝ ሕማም ሕርሲ ንኽጅምረኪ ናብ ፈሉይ ሕክምና ኣዴታት ዘለዎም ሆስፒታል ሸፍደ ወይ ሊድሾፒን (Skövde eller Lidköping)
ኣብ ስራሕ ሰዓታት ወይ ካኣ ኣብ ክፍሊ መዋልዳን ኣብ ጊዜ በዓላት ክትከዲ ትክእሊ።
ከተስተውዕልሉ ዘለኪ ሕርሲ ንኽጅመረኪ ዝዋሃብ ሓገዝ ፍሉይ ጊዜ ክንሕዘልኪ ውሕነት ኣይንህብን ኢና። ምኽንያቱ እቲ ወሳኒ ሽዑ ዘሎ ሪጋ ሕርስን ጸቕጢ ኩነታት ኢዩ ዝረአ። ንሕና ብዝተኻኣለ መጠን ዝሓሸ ዕድል ሕክምና ንክትረኽቢ ኢዩ፡ ሰለዚ ዘሎ ስራሕ ሕርስታት ህድእ ክሳብ ዝብል ገለ መዓልታት ክትጽንሒ ኢና ንመክር። እንተዘይኮይኑ ብዛዕባ ምድንጓይ ሕርሲ ዝምልከት ምርመራ ከነካይድ ንኽእል ኢና።

ስካራቦርይ ሆስፒታል
ክሊኒክ ደቂ-ኣንስትዮ

| | |
|---|---|
| ማሪንኮ ማሪክ | ኣና ተሮልሰታድ |
| ኣወሃሃዲ ሓላፊ ሓኪም | ላዕላዋይ ሓኪም ሕክምና ኣዴታት |
| ፍሉይ ኪኢላ ሕክምና ኣዴታት | |